# ኣገዳሲ ሓበሬታ ንኤርትራውያን

## ማሕበር ስደተኛታት ኤርትራውያን ኣብ ሃገር ኢጣልያ(ማ.ስ.ኤ.ኢ.) ብሕጊ ቀይሙ፡

ማሕበር ስደተኛታት ኤርትራውያን ኣብ ሃገር ኢጣልያ(ማ.ስ.ኤ.ኢ.) ብዕለት 27 ሰነ 2004 ዓ.ም. ሕጊ ዝሓቶ ቅጥዕታት ኣማሊኡ ድሕሪ ምምስራቱ ኣብዚ እዋን'ዚ ስራሓቱ ብወግዒ ጀሚሩ ከምዘሎ ንኩሎም ኤርትራውያን ይሕብር። እዚ ብነጻ ተበግሶ ግዱሳት ኤርትራውያን ዝተመስረተ ማሕበር'ዚ ዘለዎ ዕላማታት ብሓጺሩ እዚ ዝስዕብ ኢዩ።

1. ንናይ ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ፖለቲካዊ ኣርኣእያኡ፥ እምነቱ፥ ጾትኡ ይኹን መበቆሉ ብዘየገድስ ከም ስደተኛ መጠን ዘጋጥሞ ጸገማት ንምፍታሕ ይቃለስ፡ ስራሓቱ ድማ ብተወፋይነትን ብነጻ ድልየትን ናይ ኣባላቱ ይካየድ፡ ኣብ ኩሉ ስራሓቱ ድማ ዲሞክራሲያዊ ኣገባብ ኣሰራርሓ ይኸተል።

2. ኣብ ልዕሊ ስደተኛታት ኤርትራውያን ዜጋታት ዘጋጥሙ ማሕበራዊ ቁጠባዊን ባህላውን ጸገማት ንምፍታሕ ዘድሊ ቃልሲ የካይድ። ሽግራት ንምፍታሕ ምስ ዝምልከቶም መንግስታውያንን ዘይመንግስታውያንን ቤትጽሕፈታትን ትካላትን ተመሳሳሊ ዕላማ ዘለወን ማሕበራትን ይዛመድን ተሓባቢሩ ይሰርሕን።

3. ማሕበርና ካብ ዝኾነ ይኹን ፖለቲካዊ ጸግዒ ነጻ ኮይኑ፡ ሰብኣዊ መሰላትን መባእታዊ ናጽነታትን ኩሉ ስደተኛ ኤርትራዊ ንምሕላው ይጽዕር።

4. ቅዋም ማ.ስ.ኤ.ኢ.. ዝቕበል ዝኾነ ይኹን ኤርትራዊ ቅጥዕታት ኣማሊኡ ኣባል ክኸውንን ኣብ ስራሓት ማሕበር ክካፈልን ክፉት ኢዩ።

ማ.ስ.ኤ.ኢ.. ነዚ ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሩ ዘሎ ዕላማታት ኣብ ግብሪ ንምውዓልን ናይ ዝተፈላለዩ ጸገማት ፍታሕ ንምንዳይን ኣብ'ዚ ዝስዕብ ኣድራሻን መዓልታትን ክትመጹ ከምትኽእሉ ይሕብር።

## ኣድራሻ

VIA VALLAZZE,34
ANGOLO VIALE LOMBARDIA
20131 MILANO
ተለፎን 02/70634875

## ንርከበሉ መዓልታት

ካብ ቀዳም ዕለት 18/09/2004ጀሚሩ
ቀዳም ካብ ሰዓት 16፡00 ክሳብ 18፡00
ሓሙስ ካብ ሰዓት 18፡00 ክሳብ 20፡00

## መጎዓዝያ

ትራም ቁ.33
ኣውቶቡስ 90/91ን 62
ሜትሮ ቀጠልያ ፒያሳ ፒዮላ

ብደሓን ምጹ !

ማሕበር ስደተኛታት ኤርትራውያን ኣብ ሃገር ኢጣልያ